# መስርሕ ምምርማር፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዕን ምውሻብን/TISK ኣብ ንኡሳን ዞባታት ክቕንስ እዩ።

መንግስቲ ካብ 27 መስከረም ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዝካየድ መስርሕ ምምርማር፡ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዕን ምውሻብን ክቕንስ ውሳኔ ኣሕሊፉ ኣሎ። "ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት" ንሰጋገረሉ እዋን ምስ ኣኸለ ዝተቐነሰ መስርሕ ምምርማር፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዕን ምውሻብን ንኣስታት ኣርባዕተ ሳምንታት ዝጸንሕ መሰጋገሪ መድረኽ ክቕጽል እዩ።

–ምሉእ ብምሉእ ክታበት ዝኽተቡ እንናበዝሑ ይኸዱ ኣሎዉ፡ ከምኡ'ውን ለብዒ ምውሳኽ ዘቋረጸ እዩ ዝመስል ዘሎ። ኮይኑ ከብቅዕ ንገለ እዋን ምምርማር፡ ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን ክንቅጽሎ ገለ ኣድላይነት ክህልዎ እዩ። ስለዚ ኣብ ንኡሳን ዞባታትና ካብ 27 መስከረም ንንዮ ዝተቐነሰ መስርሕ ምምርማር፡ ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን ነተኣታቱ ኣለና ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሆይየ።

ዝተቐነሰ መስርሕ ምምርማር፡ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን ክበሃል ከሎ እቶም ክውሸቡ ዝግደዱ ይውሕዱን ንኡሳን ዞባታት ከኣ ምንጪ ለብዒ ንኸናድያ ዝሰርሖኦ ስራሕ ይቕንስን ማለት እዩ። ጽንሕ ኢልና ኣብቲ **"ብተወሳኺ ተዳላውነት ዝተሰነየ ንቡር መዓልታዊ ህይወት"** ንበጽሓሉ እዋን ምስ ኣኸለ ከም መሰጋገሪ መድረኽ ንኣስታት ኣርባዕተ ሳምንታት ዝጸንሕ ዝተቐነሰ መስርሕ ምምርማር፡ ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን ክቕጽል እዩ።

[2. september ble det kjent/2 መስከረም ከምዝተሓበረና](#) መንግስቲ ንኡሳን-ዞባታት ድሉዋት ኣብ ዝኾናሉ እዋን ዝተቐነሰ መስርሕ ምምርማር፡ ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን ዘጠቓለለ ስትራተጂ ከተኣታቱ ይምድብ ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ። ንትሕቶኡን ትግባረኡን ዝምልከት ምስ ንኡሳን ዞባታትና እወታዊ ክልተኣዊ ዘተ ክካየድ ጸኒሑ ኣሎ።

## ካልእ ዜናታት ኮሮና

### ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ካብ ግዴታ ምዝገባ ሕድገት ይግበረሎም

ሕጋጋት ኮቪድ-19 ይቕየር ብምህላዉ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ኣብ ስርዓተምዝገባ መገሻታት ንኖርወይን (IRRS) ክምዝገቡ ዝነበሮም ግዴታ ንከይምዝገቡ ሕድገት ተጌሩሎም ኣሎ። እዞም ምቅይያራት ካብ ፍርቂ ለይቲ ንቀዳም 18.09 ዘውግሕ ኣብ ግብሪ ይውዕሉ።

### ክትበት ወጻእተኛታት ባሕረኛታት

ወጻእተኛታት ባሕረኛታት ከሳብ ክንደይ ይኸተቡ ኣሎዉ ንዝብል ዓበይቲ ፍልልያት እዩ ዘለዎ። ብዙሓት ባሕረኛታት ንንውሕ ዝበለ እዋን ኣብ መራኽብ ይጸንሑ ብምኳኖም ኣብ ሃገራቶም ክኸተቡ ብዙሕ ዕድል የብሎምን። ስለዚ መንግስቲ ትካላት መራኽብ ክታበት ብነጻ ክህበን ውሳኔ ኣሕሊፉ ኣሎ፡ እዚ መታን እቶም ዝምልከቶም ባሕረኛታት ኣብ ወደባት ኖርወይ ክኽተቡ ዕድል ንክረኽቡ ኢዩ። እዚ ብመሰረት ምሕጽንታታት ትካል ህዝባዊ ጥዕና ዝሓለፈ ውሳኔ እዩ ዝኾውን ዘሎ። መስርሕ ክታበት እተን ትካላት መራኽብ እየን ባዕለን ዝወዳድብኦ። ድሕሪት ዘለወን ንኡስና ዞባታት እውን ንባሕረኛታት ባዕለን ክታበት ክህባ ይኽእላ እየን።

**መስርሕ ምምርማር፡ ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን ከምዚ ዝስዕብ ይኹውን፡**
TISK ኣሕጽሮተቃል ኮይኑ ተዘርዚሩ ምምርማር፡ ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን ማለት እዩ። መስርሕ ምምርማር፡ ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን ለበዳ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ንኸይኸይድ ንጥቀመሉ ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ ኮይኑ ጸኒሑ ዘሎ።

መስርሕ ምምርማር፡ ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን ሰለስተ ደረጃታት እዩ ዘለዎ:

**ንቡር መስርሕ ምምርማር፡ ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን** ክበሃል ከሎ፡ ዝኾነ ሰብ ክልከፍ ከሎ ንኡስ ዞባ ምንጪ ለብዒ ንምርካብ ንኩሎም መቃርብቱ ለብዒ ንምርካብ የናድዩ፡ መቃርብቲ ልኹፍ ይውሸቡን ክምርመሩ ለበዋ ይወሃቦምን፡ ከምኡ'ውን እቶም ከምዝተለኸፉ ዘረጋገጹ ይግለሉ።

**ተደራራቢ መስርሕ ምምርማር፡ ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን** ከኣ ኣብ ዘየላቡ ተኣፋፊ ኩነታት ለብዒ ንጥቀመሉ ኮይኑ ብዝሕ ዝበለ መርመራታት ዝካየደሉን ውሸባን ግለላን ብልክዕ ክፍጸም ዝያዳ ሚዛን ዝወሃበሉን ኣሰራርሓ ይኹውን።

**ዝተቐነሰ መስርሕ ምምርማር፡ ምግላል፡ ምንጪ ለብዒ ምንዳይን ምውሻብን** ዕለት 27.09 ዝተኣታቶ ኮይኑ ባዕለ-መርመራታት ዝዛይደሉን ተወሸብቲ ዝቕነሱሉን እዩ ክኸውን፡ ከምኡ'ውን ንኡሳን ዞባታት ምንጪ ለብዒ ክናድዮ ከለዉ ኣብቶም ንመልከፍቲ ዝያዳ ቀኣሉዓት ዝኾኑ ሰባት ጥራሕ እዮም ዘቶክሩ።